Men alo kem Eritrewit　　　**መን ኣሎ ከም ኤርትራዊት**　　　08.03.2021

**መን ኣሎ ከም ኤርትራዊት**
**ዓባይካ ኮይና መሐንቀቒት**
**ኣዴኻ ኮይና ፈጣሪት መሃሪት**
**ሓብትኻ ኮይና መዕንገሊት**
**ጉዋልካ ኮይና መሐጎሲት**
**በዓልቲ ቤት ኮይና መፍቀሪት መኻሪት**
**ንሃገራ ልዕሊ ኩሉ መኽበሪት**
**ክንዲ ኹሉ እያኮ ዛኤርትራዊት**

**ኣይተገልጸን ናይ ታሪኻ ጀግንነት**
**ኣብቲ እዋን ቃልሲ ንሓርነት**
**ሓንሳብ ምስ መሓለት**
**ቃላ ክሳብ ሎሚ ዘይሰበረት**
**እንትርፎ ንቅድሚት**
**ንድሕሪት ከይጠመተት**
**ንመስዋእቲ ሓላልዩ እናበለት**
**ሕድሪ ሰማእታት ከይጠለመት**
**ሂወታ ከፊላ መስዋእቲ ዝኾነት**

**ወያነ መሬትና ምስ ወረረት**
**ጉዋል ህዝባዊ ግንባር ተጋዳሊት**
**ጉዋል ሳዋወ ታሕድሪ ተቐባሊት**
**ዘይትድሃል ትኩርቲ ፍጥረት**
**ንልዑላውነት ሃገር ንውሕስነት**
**ዶብ ከይውረር ከይስኣን ክብረት**
**ኤርትራዊት ዋዕሮ እኮያ ቀዲማ ዝኸተተት**
**እጃማ ኣበርኪታ ታሪኽ ዝሰርሐት**
**ሕሉፍ ቅያታታ መሊሳ ዝደገመት**

**ከምቲ ናይ ትማሊ ዝሰርሐት ጀግንነት**
**ከተልምዕ እጅገኣ ዝሰብሰበት**
**ሎሚ ውን ትሳተፍ ኣላ ኣብ ህንጸት**
**ንህዝባን ሃገራን ኣለኹ እናበለት**
**ሃማድኤ እያኮ ዛመሐበኒት**
**ኤርትራዊት እወ እዛ ኤርትራዊት**
**ዕድመ ንሃማድኤ!!**　　　**ዓወት ንሓፋሽ !!**
**ሄለን ወልደጊዮርጊስ**